

**ህዝቢ ኤርትራ ዝውንኖ ሓቐኛ ሰላምን ዕርቕን ገዛእ ርእሱ ንመዓስ ኾን ኽኸውን'ዩ !**

**ርእሰ ዓንቐጽ**
**ሰዲህኤ**

ደምበ ተቃውሞ ንልዕሊ 27 ዓመታት ንሰላምን ሰናይ ጉርብትና ምስ ኢትዮ-ኤርትራ ይኹን ካልኦት ሃገራት ብፍትሓውን ሕጋውን መንገዲ ክምለስ ክኽእል ኣለዎ ዝብል መርሆ ክቃለስ ከም ዘይጸንሐ፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ምስምስታትን ምጥርጣራትን ዝጸንሐ ምንባር ዝጨነቆ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ፡ ጭርሖ ደላይ ፍትሒ መንጢሉ፡ ብዘይኣገባቡን መልክዑን ተሳትፎ ህዝቢ ዝኸሓደ ውክልና ብዘይብሉ ደለይቲ ሰላም ኢና ክብል ኣብ መድረክ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ዓለምን ክግዕር ዝጀመረሉ ሓድሽ ፖለቲካዊ ተርእዮ፡ ደምበ ተቃውሞ ” እንተስ መስርሕ ሰላም ይጀምር'ምበር” ህዝባና ካብ'ዚ ዘሎ ሕሰም መከራን ተገላጊሉ ንረብሓኡ ዘይውዕል ሕማቕ ሰላም ኣይክህሉን'ዩ ብዝብል ሚዛን ከንብር እንከሎ፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝረአ ዝነበረ ኣውንታዊ መስርሕ ሰላም ፡ ቅዋማዊትን ህዝባዊ ባይቶኣዊ መንግስቲ ብምኳና ውሕስነት ዝገበረ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ዝነበረ ትጽቢት ከም'ዚ ድሒሩ ዝመጸ ተርድኦ ኢትዮጵያ ኣብ መደብ ኤርትራ ክትኣቱ ዝብል ሓሳብ ከቶ ኣይነበረን። ኣብ'ዚ ውሽጢ ዝምድናታት ምልክን ዲሞክራስያን ዝተሓናፈጸ ፖለቲካዊ ስናሪዮ ዝተራእየ ከኣ ኣንጻር ዝኾኑ መንግስታት ዕርቂ ካብ ገበሩ፡ ደለይቲ ፍትሒ ክግበርዎ ዘለዎም ስርሓትን፡ ክሕንጽጽዎ ዘለዎም መደባት እንታይ ክኸውን ነበሮ ዝብል ሕቶ ክለዓል ግድነት'ዩ። እዚ ህዝባዊ ሕቶ ደላይ ፍትሒ ንጹርን ርዱእን ብምዃኑ ሰዲህኤ ንምእንቲ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ሰልፋዊ ወኒ ተወንዚፉ ንህዝብና ተስፋ ንዝሰንቐሉ ሓባራዊ መዳብት ስርሓት ክካየድ መሰረታት ንመሪሕነቶም ብዘሰክምዎ ሓላፍነት

ቅኑዕን ንእዋናዊ ሕቶ ክምስለ ዘለዎ ስለ ዝኾነ ተቀቢሉን ድግዲጊት ተዓጢቑን ተበጊሱ ኣሎ። በዚ ዘየተጸበናዮ ሓድሽ ተርእዮ ፖለቲካ ኣብ ዞባና፡ ምስ ዝኾነ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሰልፊ ይኹን ውድብ ወይ ማሕበር ከኣ ንምእንቲ ህላውነት ሃገርን ህዝብን ሓቢሩ ክሰርሕ ኢዱ ዘርጊሑን ተዳልዩን ተደጋጋሚ ጸዋዒት ከቅርብ ጸኒሑን ኣሎን።

ኣብ'ዚ ንርከበሉ ተሃዋሲ ታሪኻዊ መድረኽ፡ ንረብሓን ጠቕም ህዝቢ ኤርትራ ዘማዕዱ፡ ጥርኑፍ ሃገራዊ ሓይሊ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ተጠርኒፉ ፍታሕ ክምጽእ ዝኽእል ታሪኻዊ ስርሒት ክሰርሓሉ ዝግባእ ግዜ በጺሕናዮ ዘለና ምትሕብባርን ምድግጋፍን ምጥርናፍን ይድለ ኣሎ። እዚ ሎሚ ንርእዮ ዘሎና ውጽኢት ክንኸዶ ዝጸናሕና ቃልሲ፡ ክንትክተሎ ዝጸናሕና ኣገባብ ቃልሲ ምኽኑ ዝኽሕዶ ኣካል ከቶ ክህሉ ኣይክእልን። ይኹን'ምበር ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመታት ንምእንቲ ፍትሒን ቅዋምን ድሕነት ህዝቢ ኤርትራ ዝተኻየደ ቃልሲ ዝኸፈሎ ዋጋን መስዋእትን ክቡርን ዕዙዝን'ዩ። እንተኾነ ኣብ መንገ ደላይ ፍትሒ ዝጸንሐ ሓድሕድ ዘይምስምማዕን ዘይምርድዳእን ኣዝዩ ክቡር ወርቃዊ ዝጠፍአ ግዜ፡ ዝተረኽበ ክሳራ ምኽኑ ክንግንዘብ ዘኽእለና ንዘንቀልናዮም ሃገራዊ ህዝባዊ ዕላማታትን፡ ዝሓንጸጽናዮም መደባትን፡ ውሳኔታትን ኣብ ግብሪ ክሰርሕ ክንርእዮ ዘይምኽኣልና'ዩ።

ሰልፊ ሲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ኢሉ ካብ መጀመርያ ዕለት ዝተበገሰሉ ዕላማ ቃልሲ ንኩሉ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ንኽጸምድ ምትብባዕን ብሓባራዊ መደብ ቃልሲ ኣቢሉ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ መዕለቢ ፍታሕ ክረከበሉ ክሳብ እዚ ሎሚ ንርእዮ ዘለና መስርሕ ሰላም ኣብ ዘይንፈልጦ ሃንደበታዊ ሽኹሽኽዋ ፖለቲካ ተኣቲሉ ዘሎ ታሪኻዊ ሰዓትን ደወል ድሕነት ሃገር ነጋሪት ዝተሃረመሉ፡ ሓድነታዊ መደብ ደለይቲ ፍትሒ ንመወሃሃድን መሰጋገርን ባይታ ቃልሲ ኣንጻር ስርዓት ህግዲፍ ክበቕዕ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብህዝባዊ መራኽቢ ብዝሓት ከመሓላልፎ ዝጸንሐ መልእክቲ ክዝከር ይከኣል።

ልክዕ'ዩ ከም ርእይቶን ሓሳብን ሰዲህኤ ዝተፈላልዩ፡ ንፍትሓውን ንሓርነት ህዝቢ ኤርትራ ዝተቃለሱን ዝቃለሱ ዘለዉን ሰልፍታት ተመሳሳሊ ርእይቶ ክህልዎም ክጽሑፉን ጸኒሖም'ዮም። እዚ ከኣ ዓብይ ኣውንታዊ ስጉምቲ ምኽኑ ዘይከሓድ ሓቂ'ዩ። ሰዲህኤ ግን ነዚ ሓቕታት'ዚ ብሓባር ክጉስጉሰሉን ኣብ ግብራዊ መደብ ዕዮ ኣትዩ ሓቕነቱ ኣብ ትግባረ ክውዕል ንሓባራዊ ስርሓት ደላይ ፍትሒ ብዘይ ቅድመ ኩነት ዳግማይ ንትግባረኡ ይዕድም ንዝህቢ የቃልሕን ኣሎ። ሰዲህኤ ነዚ መርሆ ብፍላይ ነቲ ኣብ መስርሕ ሰላም ዝተራእየ ሃንደበታዊ ስምምዓት 8 ሓምለ 2018 ኣስመራ፡ 14 ሓምለ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ነቲ ሕቶ ብዝያዳ እዋናውን ዕዙዝን ኣገዳስን ከም ዝኸወን ስለ ዝገበሮ እንሆ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ዝርግሐ ዜናታት ሰዲህኤ ጸዋዒት ንህዝቢ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ።

ሕድርን መብጽዓን ብ8 ሓምለ 2018

ቃልስና ብመሰረቱ ንሰላም'ዩ 3 ሓምለ 2018

ኤርትራውያን መዓስ ኢና ንተኣኻኸብ 18 ሓምለ 2018

ስምምዕ ኣብ ቦታ ህዝባዊ ሓይሊ ስልጣን 29 መስከረም 2018

ህዝቢ ኤርትራ ዝውንኖ ሓቐኛ ሰላምን ዕርቕን ንመዓስ ኾን ይኸውን'ዩ ሒዝናዮ ዘለና ኣስርእስቲ ምኳኑ'ዩ

ጸላእቲ ዝነበሩ ንሰላም ዕርቕን ካብ ተበገሱስ ደለይቲ ፍትሒ ዲሞክራሲያውያን ሓይልታት ኤርትራ ክበግርዎ ዘለዎም መደባት ቃልሲ፡ ስምምዓት፡ ሓባራዊ ቃልሲ ንትግባረ ዝዕድም መደባት ቃልስን ቅርጽን መሪሕ ግደ እንታይ ክመስል ኣለዎ ንዝብል እዋናዊ ጠለብ ህዝብና ክሳብ ዘይመለሰ፡ ምስ'ቲ ኣብ ኤርትራ ን27 ዓመት ዘመሓደረን ዝቅጽል ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ንምግጣም በየናይ ተኸእሉ ዝብሉ ሕቶታት፡ ኣብ ህዝብና ወሪዱ ስክፍታት ዝፈጥር፡ ንደላይ ፍትሒ ዝነበረሉ እምነት ብሸመይ መልክዕ ክምለስ ሓደን መተካእታን ዘይብሉ ብኣፍልጦ ህዝብን ሃገርን፡ እውጁን ህጹጽ ዋዕላ ይኹን ዲሞክራሲያውያን ሓይልታት ዝወሃሃድሉ ባይታ ምፍጣር ምስንዳእ ምጥጣሕ'ዩ ዝብል ዕግበት ሰዲህኤ እዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልኢት ደቒቕን ሰዓት ዝጠፍእ ዘሎ ዕድላት ክንጥቀመሎም ከኣ ወትሩ ብዘይምስልካይ ክሰርሓሎም ዝግባእ ጉዳያት ኣዝዮም ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ ብቅደም ተኸተል ግን ንድሕነት ህዝቢ ሃገርን ኣብ ስምምዕ ክንበጽሓሎም ዘሎና ክንዮ ዝኾነ ይኹን ሰልፋዊ ጉዳያትን መደባት ከም ጸሓይ ቀጥሪ ብሩህ ዝኾነ ሕቶ'ዩ። ሰዲህኤ መልሲ ክረኽበሉ ዝጽበዮ፡ መልሲ ክረኽበሉ ዝቃለሰሉ ሃገራዊ ሕቶ፡ ህዝብናን ሃገርን ዝድሕነሉ እንኮ መንገድን ከኣ እዚ መስርሕ ቃልሲ ምኳኑ፡ ሰዲህኤ ብልዑል እምነት ኣብ ጎደና ቃልሲ ይርከብ እንሆ። ምእንቲ'ዚ ከኣ ህዝብና ክውንኖ ዝድለ ሓቐኛ ዕርቕን ሰላምን ካብ ውሽጡ ዝነቕልን ዝብገስን ሕጋውን ህዝባውን ተሳትፎ፡ ብተሳትፎን ሓባራዊ ስርሓት ዲሞክራስያውያን ሓይልታትሰልፍታትን ውድባትን ማሕበራትን ኤርትራ ምኳኑ ዘለዎ እምነት ቅድመ ተደላይነት ከም ዘለዎ ደጊሙ ደጋጊሙ ንስለ ፕሮፓጋንዳ ሃልኪ ዘይኮነስ ንግብራዊ ተበግሶ ኩሉ ሃገራዊ ሓይልታት ምጥርናፍን ኮይኑ ሓባራዊ ስርሓት ኣብ ምክያድ ፡ ንትንሳኤን ተሓድሶን ቃልሲ ህዝቢ ኣብ ምብርባር፡ ትጽቢትን ባህግን ተስፋይን ህዝቢ ኣብ ቦትኡ ንምምላስ፡ ውሕሉልን ውህሉልን ፍትሓዊ መንፈስ ሓድነታዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ክውን ንምግባር ኣብ መስመር ተበገስ ይርከብ።

**ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና ክንዕወት'ና**

5 መስከረም 2018